# ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሓደጋ ወራር ገረብ ብሓኽላ¡ የንጸላሉ ኣሎ።

*ኣህጉርና ኣፍሪቃ ዋላኳ ካብተን ናይ ዓለምና ምንጪ ስልጣኔ ተባሂለን ዝግለጻ ሃገራት ዘስረዓ፡ ኣኽሱማዊ ስቪላዜሽን (ስልጣኔ) ኣብ ውሽጣ ዝሓቖፈት፡ ከምኡውን ተመራመርቲ መበቆል ወዲ-ሰብ፡ መሰረት ዘርኢ ወዲ-ሰብ ኢሎም ኣብ ታሪኽ ዘስፈርዎ ዘኹርዕ ገጽ ዘለዋ ክፍሊ ዓለም እንተኾነት፡ ብኣንጻሩ ከኣ ካብ ጥንቲ ክሳብ ሎሚ ካብ ድሕረትን ድኽነትን፣ ካብ ቀጥታዊ መግዛእትን ስውር መግዛእትን፣ ካብ ምጽወታን ተጸባይነትን ግን ዝተገላገለት ኣህጉር ኣይኮነትን። ኣብ ህዝቦም፡ ውሽጣዊ ሕጊ ሃገሮምን ምርኩስ ገይሮም ዝሰርሑ፡ ርእሰ ተኣማንነት ዘለዎም ኣብነታውያን መራሕቲ ዛጊት ከምቲ ዝድለን ክኸውን ዝግበኦን ዝተዓደለት ኣህጉር ብዘይምኳና የሕዝን።*

*ብርግጽ ውሑዳት ከም ጸረ-ዓሌታዊ ስርዓት ተቓላሳይ ነበር ደቡብ ኣፍሪቃዊ ነፍስሄር ኔንሰን ማንዴላን ነብስሄር ተጋዳላይ መለስ ዜናውን ዝበሉ፡ ኣብ ገዛእ ርእሶም፡ ኣብ መትከሎምን ህዝቦምን ዝተኣማመኑ ከም ተርእዮ ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ፡ መራሕቲ ፖለቲካ፣ ደረስቲ፣ ስነ-ጥበበኛታት ኣይነበርዋን ወይ የብላን ማለት ኣይኮነን። ነይሮምን ኣለውንዮም። ይኹን ግን ብመንጽር እዛ ኣህጉር ዝሓለፈቶን ገና ትሓልፎ ዘላን ብጻህያይ ጽግዕተኛታት ዝተዋሕጠ ዘንጸላልዋ ዘሎ ፖለቲካዊ ሓደጋ ገና ከማታቶም ዝበሉ ከተፍሪ ዕረፍቲ ብዘይህብ ዝያዳ ትሰርሓሉ ›ምበር፡ እፎይ ትብለሉ ኣይኮነን። እወ ዘይጸሒ ድኽነትን ኲናትን፣ ተነበርካኽነትን ተለኣኣኽነትን ብዙሓት መራሕቲ እናረኣኻ በቶም ውሑዳት ደቂ-ህዝቢ ጥራሕ ክትንየት ዘኽእል ኣይኮነን።*

*ሃገራት ኣፍሪቃ ቅድሚ 2ይ ኲናት ዓለም ዳርጋ ኩለን ክበሃል ዝከኣል ኣብ ትሕቲ ቀጥታዊ ኤውሮጳዊ መግዛቲየን ነይረን። ድሕሪ ምዝዛም 2ይ ኲናት ዓለምን ንዓለምና ኣብ ክልተ ደምበ ዝፈለየ መድረኽ ዝሑል ኲናት (ስነ-ሓሳባዊ ኣረኣእያ) ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ ስውር መግዛእቲ ምእታዋ ዝፍለጥዩ። ካብ 1989 ወይ 1990 ኣብ ዝነበረ ግዝያት መድረኽ ዝሑል ኲናት ብሰዓራይነት ኣመሪካ ሰዓብታን ብስዕረት ሕብረት ሶቬትን ሰዓብታን ተደምዲሙ።*

*ዓለም ናብ ደረጃ ቁሸት ተቐይራያ። ሓንቲ ኮይናያ። መድረኹ፡ መድረኽ ዓውሎማን ነጻ ዕዳጋንዩ። ዝኸኣለ ይጕየ ዘይከኣለ ይተኣለዩ መምርሒና። ድሕሪ ደጊም ሃገራዊ ፍቕሪ፡ ሃገራዊ ልኡላውነት፡ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባዊ ፍልልይ ዝበሃል፡ ዘመን ዝሰገሮ ዝኣረገ ኣተሓሳስባዩ ተበሂሉ ክኹነን ሰሚዕና። ብዙሓትን ግሩሃትን ዓለምና ንኹሉ ብማዕረ ትርኢ፣ ዘይተዳሉ፣ ጸጋታታ ብፍትሓዊ ኣገባብ ንኹሉ ተካፍል፣ ብሓሳብ ይኹን ብተግባር ጸቓጥን ተጸቃጥን ዘይብላ ውሕስቲ መሲላ ክሳብ ትረኣዮም፡ ብዙሕ ኣዝዩ ብዙሕ ተዘሪቡሉ፡ ተዘሚርሉን ተጻሒፍሉን። ግብራዊ ውጽኢቱ ኣብ ባይታ ግን ካብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዝገደደ ኮይኑ። ትማሊ ቅድሚ ትማሊ ንዝነበረ ብዝኸፍአ መልክዑ ዝደግም ባዶ ፕሮፖጋንዳዊ ምውዕዋዕ ( ጭርሖ) ኮይኑ።*

*ዓለም ሓንቲ ኮይናያ። ናብ ደረጃ ቁሸት ተቐራሪባያ እናተባህለ ዝተዘመረሉ ዓውለማን ነጻ ዕዳጋን ንስሩት ባህላዊ ክብርታት ዘፍርስ፡ ንዝሃብተሙ ዝያዳ ዘሀምብትም፡ ንዝደኸዩ ድማ ዝያዳ ዘድኪ ኮይኑ ተረኺቡ። ትማሊ ባርነት ብቀስመን ነይሩ። ሎሚ ባርነት ንደላሎ ገንዘብ ከፊልካ ባዕልኻ ትደልየሉ ኮይኑ። ድሕረትን ድኽነትን ዓሚቑ። ህዝባውን ግዝኣታውን ልኡላውነት ተደፊሩ። ሃብታምን ድኻን ክንዲ ሰማይን መሬትን ተረሓሒቑ። ዘይረዊ ስሰዐ ዝማዕበላ ሃገራት ዝያዳ ሃነፍነፍ ኢሉ። ብድኽነት ዝማሰነት ኣፍሪቃዊት ነፍሲ ከኣ ዝያዳ ብዓጸቦ ተጠቒዓ። ኮታ ዓለም ንውሑዳት ገነት፡ ንብዙሓት ሲኦል ኮይና ቁልቁል ትሕምበብ ኣላ።*

*ብውሽጥን ብግዳምን ብዝተዋደደ እኩይ ወፍሪ ቁልቁል ካብ ዝሕምበብ ዘሎ ዞባታት ሓደን ቀንድን ከኣ፡ ንሕና ንነብረሉ ዘለና ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃዩ። ኣብዚ ዞባ ዝሕቆፋ ሃገራት ብርክት ዝበላየን። ቁጽሪ ህዝበን ኣስታት ናብ ፍርቂ ቢሊዮን ከም ዝጽጋዕ ይንገር። ኣብዘን ሃገራት ኣብ ትሕትን ልዕልን መሬት ዝርከብ ባህሪያዊ ጸጋታት*

*ዘሕብን ›ምበር ዘሰክፍ ኣይኮነን። ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣውን ካብቲ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝርከብ ዕቁር ጸጋታት ዝንእስ ተደላይነት ዘለዎ ኣይኮነን። ዓለማዊ ንግዳዊ መስመር ዝመሓላለፈሉ ብምዃኑ ሰላም ጥራሕ ዝደሊ ስሩሕ እንጀራዩ። ዞባና ብዋዕን ዛዕል ኣየር ዘይሸገር፡ ብባህሪ ተመጢኑ ዝተዋህበ፡ ንምንባር ዘመኒ ምቹእ ዞባዩ። ምዑዝ ኣየር፣ ኣብ ልዕሊ መሬት ዝርከብ ልሙዕ መሬት፣ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝርከብ ገና ዘይተመዝመዘ በብዓይነቱ ክቡር መዓድናዊ ሃብቲ፣ ኣፍራዩ ሰብኣዊ ዓቕሚ ‰.ሓቀኑ ክንሱ፡ ብዓሚቕ ድሕረትን ድኽነትን፡ ስእነት ሰላምን ኩናት ክቀራመድ ክሳቐ ምርኣይ ግን ይገርም። የሕፍር ድማ።*

*እዚ ባህሪያዊ ጸጋታትዚ እናሃለዎ ስለምንታይ ብድሕረትን ድኽነትን ይእሰር፡ ይማስን? ስለምንታይ ኣብ ዘይጻሒ ኩናትን ከልበትበትን ይነብር? ከምኡ ክኸውን ዝገብር ዘሎ ብቐንዱ መንዩ? መንዩ ተሓታቲ? ኣብ በብሃገሩ ዝነበሩን ዘለውን መራሕቲ ወይስ፡ ብዘይካ ንዓና ንኹልና ዘይፈልጡ ብዓለም ደረጃ ልዑል ጸቕጢ ዝፈጥሩ ስልጡናት ዝበሃሉ ሃገራትን መንግስታትን?*

*ኣብዚ ዞባ ናይ ዘሎ ዓይነት ብዙሕ ጸገማት ቀንድን ቀዳሞትን ተሓተቲ፡ ኣብ ገዛእ ነብሶም፡ ህዝቦምን ሕጎምን ተኣማሚኖም ዘይሰርሑ፡ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምሕረት ግዳማውያን ዓሰብቶም ኣዕቂሎም ክነብሩ ዝወሰኑ ጽግዕተኛታት መራሕቲ ሃገራት እዚ ዞባዮም።*

*ብባህልና ኣብ ገዛእ ርእይቶኡ ዘይተኣማመን ሰብ፡ ንረዚን ስራሕ ኣይሕጸን። ስለምንታይ ባህሪኡ ተለዋዋጢ፡ ለኣኺኡን ጸፋዒኡን ብዙሕዩ። በዓል ቤቱ፡ ደቁን ወለዱን ብግቡእ ዘይኣልን ዘየመሓድርን ብግዳም ረኣዩኒ ስምዑኒ ጥራሕ ዝብል ውሽጠ ባዶ በዓል ሓዳርውን ከምኡ። ናይ ገዛእ ርእሶም ዝተኣማመንነሉ ክሳብ መስዋእቲ ንምኽፋል ዝተቐረብሉ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባዊ መስመር ዘይብሎም፡ ምስ ውልቀ ክብረ ዝናኦም፡ ውልቃውን ጉጅላውን ነገራዊ ረብሓኦም ጥራሕ ዝሪኡ መራሕቲ ዝዝውርወን ሃገራት ብርግጽ፡ ኣፍ ደገአን ንኹሉ በዓል ገንዘብ ርሑውዩ። ልኡላውነተን ኣብ ወረቐት ጥራሕ ዝሰፈረ ስማዊዩ።*

*ስለዚ ኣብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘንጸላሉ ዘሎ ስውር ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ባህላዊ ወራር ብዕሱባት መራሕቲ ሃገራት ተዓዲሙ ዝመጽእ ዘሎ ምዃኑ ብግቡእ ምግንዛብ የድሊ። እቶም ብሰላሕታ ህዝባዊን ግዝኣታውን ልኡላውነት ሃገራት ንምውራር ዝተፈላለይ ወስታታት ዘርእዩ ዘለው ግዳማውያን ሓይልታት፡ ብዛዕባ ክብረት ሰብኣዊ መሰል፡ ደሞክራስያዊ መሰል፡ ሰላም፡ ቁጠባዊ ዕቤት፡ ‰ወዘተ ንግደስ ኢና በሃልቲዮም። ዝካፈል ሃብቲ፡ ፍልጠትን ክእለትን ስለ ዘለና፡ መንገዲ ዕቤት ከነርእየኩም፡ ውሽጣዊ ሰላም ፈጢርና ካብ ድሕረትን ድኽነትን ከነውጽኣኩም ድልዋት ኢና በሃልቲዮም። ብወግዒ ኣብ መድረኻት ወጺኦም ዘስምዕዎ መደረ፡ ብማዕከናት ዜናታቶም ዘቃልሕዎን ብርግጽ እዝን ከምዚ ዝበለንዩ።*

*ይኹን ግን እቲ ዝብልዎ ነጻ ምትሕግጋዝ፡ ክብረት ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት፡ ሓቂ ዘለዎ ይመስል ›ምበር ብግቡእ ንዝፍትሾን ዝግምግሞንሲ ብቐጥታ ምስ ሓቂ ዝላተምምበር ዝቃዶ ኣይኮነን። ሳግላ ብላዕል ኣይትቕላዕ¡ ዝዓይነቱዩ። እቲ ክንተሓጋገዝ ኢና ዝብል መግለጺ ከም ሓሳብ ስትራተጂካዊ ሸቶኡ ዓሻ መሲልካ ድራሮም ወደኣሎም¡ ዓይነት ከንቱ ምምጽዳቕዩ። እቲ ብተግባር ገይርናዮን ንገብሮ ኣለናን ዝብልዎውን ከምኡ፡ ማእከሉ ኣብ ረብሓ ከደምቶም ወይ ኮራኹሮም ዝኾኑ መራሕቲ ሃገራት ዝውዕልዩ። ብዝተናወሐ ከኣ ከም ዜጋታት ፍቕሪ ሃገራውነትን ባህሊ ስራሕን ዝቐትል፡ ከም ህዝብታት ድማ፡ በተሓሳሰባን ኣካልን ኣልሚሱ፡ ተጸበይቲ ንምግባርና ዝዓለመ ርኹስ ምህዞዩ። ነቶም ሰብ ቤት ቀስ ብቐስ ብ¡ገረብ ብሓኸላ¡ ሞራሎም፡ ሓድነቶም በጣጢስካ ህዝባውን ግዝኣታውን ልኡላውነቶም መንዚዕካ ምሉእ ንምሉእ ኣብ ትሕቲ ስውር መግዛእቲ ኣእቲኻ ሰብኣውን ባህርያውን ጸጋታቶም ምጉሕጓሕዩ።*

*ስለምንታይሲ እቲ ንሳቶም ዝምክሕሉ፡ ግሎባላዜሽን ዝበሃል ብተግባር ምዕሩይ ኣይኮነን። ብትሕዝቶ ደረጃ እንተተ መዚኑ ከኣ ኣወንታዊ ሰረተ እምነት ዝቐትል፡ ብዘይ ንቡርን ዘይቅቡልን ሓድሽ ባህልታት ክውረር ዝገብርዩ። ፖሊሲ ነጻ ዕዳጋ ብተመሳሳሊ ሓሶትን ዘይሰርሕ ምዃኑ፡ ሃገርና ትቕደም ዝብሉ ዘለው መራሕትን*

*መንግስታትን ኣብነትዮም። ሃገርና ትቓድም ብየዋህ ፖለቲካዊ ኣጠማምታ ዝኾነ ኣሉታዊ መልእኽቲ ዘይብሉ፡ ሰብ ሰሪሑ እንተሃብተመ እንተቐደመ እንታይ ኣለዎ ዝብል መልእኽቲ ክውሰድ ይከኣል። እንተኾነ ግን ሃገርና ትቓድም ዝብሉ ዘለው ወገናት ሓደ ኣመንጨውትን መራሕትን ናይ ግሎባላዜሽንን ነጻ ዕዳጋን ንሳቶምዮም። ካልኣይ ብደረጃ ዓለም ዘለዎም ጽልዋ፡ ዝኸተልዎ ፖሊስን ተገንዚብካ ፖለቲካዊ ዕብለላ ›ምበር ፖለቲካዊ ጥዕና ኣይመልክትን።*

*ኣብዚ ወቕቲዚ ሃገርና ትቓድም ዝብሉ ወገናት ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ብዘለው ናይ ገዛእ ርእሶም ፖለቲካዊ ሩሕ ዘይብሎም ግን ከኣ ብገንዘብ ዝሓበጡ መጋበርያታቶም ዝኾኑ መንግስታት፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ክሳብ መሬት ብምክራይን ምግዛእን እግሪ ይተኽሉ ከም ዘለው ስውር ኣይኮነን። ንስማውያን መራሕቲ ሃገራት ብገንዘብ፡ ብጸጥታ፡ ብዲፕሎማሲ፡ ብመራኽቢ ብዙሓን ብምድጋፍ፡ ንህዝብታቶም ብዕፉንን ብምጭፍላቕን ሓያላት መሲሎም ክረኣዩ ይረባረቡ ከም ዘለው ግሁድዩ። ዞባና ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብ መጻወቲ ሜዳ ርእሰ ሓያላን ይቕየር ኣሎ። ሰላም፡ ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ ይርሕቕ ኣሎ። ኢድ ኣእታውነት፡ ኣሰላልፋኡ ዘይተነጸረ ፖለቲካዊ ንጥፈታት፡ ሓደጋ ሕድሕድ ኩናት፡ ዓሚቕ ድኽነትን ብኣሰካፊ መልክዑ ኣብ ባይታ ይረአ ኣሎ።*

*ዜጋታትን ህዝብታትን እዚ ዞባ ነገሩ ካብ ዘለዎ ከይ ከፍአ ኣገንዝበኦም ከስፍሑ፡ ፖለቲካዊ ንቕሓቶም ከበርኹ፡ መጀመርያ ኣብ በብሃገሮም ዘሎ ዘቤታዊ ጸገም ብግቡእ ከለልዩን ክፈትሑን፡ ሓድነቶም ኣስጢሞም ንቕሉዓትን ስውራትን መሳርሒ ባዕዲ ዝኾኑ መራሕቲ ከወገዱ ኣለዎም። ኣእዳው ስውር መግዛእቲ ከካብ ሃገሮም ክሰሓብን ወነንቲ ህዝባውን ግዝኣታውን ልኡላውነቶም ክኾኑን ብምሉእ ዓቕሞም ክረባረቡ ይግባእ።*

*ነዚ ከቢድ ሓደጋዚ ብግቡእ ኣብ ምልላይ ቀዳምነት ዝወሃቦ ቀዳምነት ሂብካ ኣብ ምስራሕ ምዝንጋዕ ወይ ሸለልትነት ክህሉ ኣይግባእን። ምኽንያቱ እቲ ዘንጸላሉ ዘሎ ወራር ገረብ ብሓኽላ¡ መሓውሩ ዘርጊሑ ኣጣጢሑ ኮፍ ክብልዩ። ኣብ መሬትና ብጉልበትና ብህይወትና ብጸጋታትና ክጻወት ዕድል ክረክብዩ። ኣብዚ እቲ ቀንዲ ሃንዳስን ደገዘማትን ንጎባጢ መደቡ፡ ገንዘብን ኣጽዋርን ኣሰኒዩ ብእምነ ዋንጭፍ ናብ ስማውያን መራሕቲ ሃገራት ብምልእኽዩ ከዳኽመና ተዳልዩ ዘሎ። ሃገርና ትቕደም ብዝብል ትምክሕታዊ ኣረኣእያ ኣብ ኩሉ ኩርነዓት ዓለም ብዘይስኽፍታ መሰል ህዝብታትን ልኡላዊ ስልጣን ሃገራት ጥሒሱ፡ ልጓም ኣልቦ ዝሃልል ዘሎ መንግስቲ ልዕለ ሓያል ሃገር ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ኣብ ኤርትራ ኣትዩ እግሪ ካብ ዝተኸለ ነዊሕ ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ማያትን ገምጋም ቀይሕ ባሕርን ወደብ ዓሰብን ዘሎ ኩነታት ምርኣይ ዝያዳ ሓጋዚዩ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ፖለቲካዊ ውድቀት ካብ ኩሉ ዝኸፍአዩ። ኣብ ምሕረት ሓደ ሰብ ዝወደቐ ድማዩ።*

*ኣብ ሰሜን ሱዳን፣ ደቡብ ሱዳን፣ ኢትዮጵያ፣ ሶማሊያ፣ ኬኒያ፣ ኡጋንዳ፣ ጅቡቲ ዘሎ ግዳማዊ ኢድ ኣእታውነት፡ ዳርጋ ቅሉዕ ብዝኾነ መልክዑ ዝስውዱ ዘለው መጋበርያታት ገረብ ብሓኽላ¡ ዝጎሃሃር ዘሎ ፖለቲካዊ፣ ጸጥታዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ ቅልውላው ብኣጋጣሚ ዝተኸስተ ዘይኮነስ፡ ብውጥን ዝስረሓሉ ዘሎ ምኽኑ ምርዳእ ኣገዳሲዩ። ሃገራት ቻይና¡ ሩስያ¡ ኤውሮጳዊ ሕብረት፣ ቱርኪ፣ እንግሊዝ፣ እስራኤል ኣብዚ ዞባ ንሃገራዊ ረብሓታቶም ዝሕልውሉ መንጠሪ ባይታ ዝኾኖም መሰረት ከንጽፉ ላዕሊ ታሕቲ ይብሉ ምህላዎምውን ክዝንጋዕ የብሉን። ገረብ ብሓኽላ¡ ፖለቲካ ኣዝዩ ሓደገኛ ኣንፈትዩ። ካብ ኣብራኽና ብዝወጽኡ ብቛንቋና ዝዛረቡ ታሪኽና ባህልና ብዝፈልጡ ሸዩጣት መራሕቲ ምሉእ ንምሉእ ኣብ ትሕቲ ስውር መግዛእቲ ኣቲና፡ መራኽቢ ገመዳትና ከይተበጣጠሰ ንስለ ሰብኣዊ ክብርናን ፖለቲካዊ ልኡላውነትናን ተናቢብና ክንሰርሕ እዋኑዩ። መዓስ ሕጂ።*

ካብ ርስቶም ኣሮን።

**05-02-2020**